





## ሻብዓይ ዓመት

## ዳግመ ርክብ ገዳይም ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

# ንሕሉፍ ዝለዓለ ክብሪ እናሃብና ንትስፍው መጻኢ ንርኢ!

ኣብ`ዚ ንልኡላውነት ኤርትራ ብኣሉታ ዝፈታተን ዘሎ ህሞት፡ ኩሎም ሓርበኛታት ኤርትራ፡ ንዝተቓለስሉ ዕላማ ከውሕሱ ሓላፍነቶም ከም`ቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዕዙዝ ም`ዃኑ ነስምረሉ። ንናጽነት ኤርትራ ኩዉን ንምግባር ዝተገበረ ጻዕርን ዝተኸፍለ ክቡር መስዋእትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝለዓለ ክብሪ ሂብና፡ ንትስፍው መጻኢ ኣብ ምውሓስ`ውን እቲ ጾር ጌና ኣይወረደን ኣሎ።

ህዝብና፡ ድሕሪ`ቲ ነዊሕ፡ ናይ ኣሽሓት ደቁ መስዋእትን መቑሰልትን፡ ማእለያ ዘይብሉ ንዋታዊ ክሳራ ዝኸፈለሉ ሓርነታዊ ውግእ፡ ካብ ዚነበሮ ዓበይቲ ትጽቢታት፡ ሓደ፡ እፎይታ ሰላማዊ ሂወት ከስተማ`ቕር`ዩ። ንነጻነትናን ልዕላውነትናን ብዘካየድናዮ ጅግንነታዊ ቃልስታትን ዝኸፈልናዮ ሰፍ ዘይብል መስዋእትን፡ ከም ህዝብን ሃገርን ዝለበስናዮ ክብሪ ተቐንጢጡ፡ ሎሚ ኣዚና ኣብ ዚተነዓቕናሉን ዚተጸላእናሉን ኩነታት፡ ሻቡዓይ ዳግመ-ርክባዊ ገዳይም ተ.ሓ.ኤ ይጋባእ ምህላዉ፡ ታሪኻዊ ዕዘት ክህልዎ`ዩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ታሪኽ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ምዕራፍ ሒዙ ዝርከብን ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሓርበኛዊ ታሪኽን`ዩ። ውህሉል ናይ ሓባር ተመኩሮታትን ውዕሎን ብቓል፡ ብጽሑፍን፡ ብስእልን ምስናድን፡ ብመንጽር ዝተፋለለየ ሚዛናት፡ ኣረኣእያታትን ኣተራጓጉማን ምግንጻልን፡ ንምድህሳስን ትርጉም ንምሃብን ዝተበግሰ ዕዮ... እነሆ ንመበል ሻቡዓይ ዓመቱ ሰነ 21-23 2019 ኣብ ኦክላንድ ካሊፎርንያ ይጋባእ።

ተመኩሮ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ኣእምሮ ናይ`ቲ ንዕስራታት ዓመታት ካብ ባዕዲ ከተናግፎ ዝተቓለሰትሉ ህዝብን፡ ሓርበኛታት ተቓለስትን ህያው ኮይኑ ዝነብር ኢዩ። ስለዝኾነ፡ እዚ ታሪኽ `ዚ ብሓበን ክዝከርን ብግቡእ ተሰኒዱ ንትውልዲ ክመሓላለፍን ናይ ዳግመ-ርክብ ዝዓበየ ዕማም`ዩ። ታሪኽ ተ.ሓ.ኤ. ታሪኽ ሓርበኛዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ ብዝተሰነደ መልክዕ ናይ ምድላው ሓላፍነት ብቐንዱ ናይ ኣብ`ቲ ጉዳይ ዝዋዓሉ ተቓለስቲ ይምልከት። እንተኾነ፡ ተሓኤ ተካይዶ ዝነበረት ቃልሲ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኮይና ስለዝነበረ፡ ካብ ዝተፈላልዩ ኣካላት

ናይ ሕብረተሰብ ክመጹ ዝኽእሉ ሓሳባትን ርእይቶታትን ሓገዝቲ ምኻኖም`ውን እሙን`ዩ። ብተወሳኺ፡ እዚ ታሪኽ ናይ ምስናድ መደብ`ዚ ውርሻ ናይ ምምሕልላፍ መስርሕ ስለዝኾነ መንእሰያት ክፋል ታሪኽ ናይ ንስለ ነጻነት ኤርትራ ዝተሰውኡን ዝሰንከሉን ዓበይቲ የሕዋቶምን ወለዶምን ንምድህሳስ ሓጋዚ ተራ ኣለዎ። በዚ ኣጋጣሚ`ዚ እምብኣር ኤርትራውያን ንኡስ ወለዶ ኣብ`ዚ ዝመጽእ ናይ ዳግመ ርክብ መደብ ብዝስፍሐ ክሳተፉ ንዕድም።

ክብርን ሞጎስን ንጅግና መስዋእቲ ህዝቢ ኤርትራ!
ልኡላውነት ኤርትራ ከቢሩን ተሓፊሩን ይንበር!!
ጽንዓትን ዓወትን ንተቓለስቲ ኤርትራውያን!!